# ብመቕርቡ ንዓመጽ ዚቃላዕ መንእሰይ

ኣብ መቕርባት ዚኽሰት ዓመጽ: ዝተፈላለየ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል። ሓደሓደ ግዜ ወላዲ’ዩ ንደቂ ንዓመጽ ዘቃልዖም። ሓደሓደ ግዜ ኸኣ ሓው ወይ ሓውቲ። ንዓመጽ ዜቃልዑ ኣዝማድ ኪኾኑ’ውን ይኽእሉ’ዮም። ምናልባት ምሳኻ/ኺ ብሓባር ዚቕመጥ ሰብ ኪኸውን ይኽእል። ዓመጽ ስነ-ኣእምሮኣዊ: ኣካላዊ ወይ ወሲባዊ ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት: ንገለ ካብዞም ዚስዕቡ ዚምልከት ኪኸውን ይኽእል፤ እቲ ንዓመጽ ዜቃልዓካ ሰብ:-

- ሕማቕን ሕሱምን ጸርፊ ይጸርፈካ፤ ወይ ሕማቕን ኣሸጋሪ/ትን ምኳንካ/ኪ የስምዓካ/ኪ
- ይደፍኣካ/ኪ: ይወቕዓካ/ኪ: ይቖልዓካ/ኪ: ወይ ብኻልእ ኣገባብ ይጎድኣካ/ኪ
- ይቈጻጸረካ/ኪ: ይድርተካ/ኪ፤ ዘይደለኻዮ/ኽዮ ነገር ክትገብር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ከውጽኣካ/ኪ ወይ ካብ ገዛ ኪሰጐካ/ኪ የፈረርሓካ/ኪ ወይ ኣብ ገዛ ይዓጽወካ/ኪ
- ንሓደ ዓይነት ወሲባዊ ርክብ ይግድደካ/ኪ
- ንኽብሪ ስድራ ንምክልኻል: ሓደሓደ መምርሕታት ክትስዕብ/ቢ ይግድደካ/ኪ
- ኣብ ልዕሊ ካልእ ኣባል ስድራ ዓመጽ ይጥቀም

**ንዕቑባን ደገፍን መሰል ኣሎካ/ኪ**

ንዓመጽ እንተ ተቓሊዕካ ክትሻቐልን ክትጕህን ንቡር’ዩ። ብዛዕባ’ዚ ሰሚዑ: ኪሕግዘካ ምስ ዚኽእል ሰብ ምዝራብ ኣገዳሲ’ዩ። ትሕቲ 18 ዝዕድመኡ መንእሰይ ንዓመጽ ኪቃላዕ ከሎ ኵሉሳዕ እቲ ሓላፍነት ናይ ኣባጽሕ’ዩ። ኣብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት: ሓገዝ: ደገፍ: ዕቑባን ካልእ ጠቓሚ ነገር ምርካብ ይከኣል’ዩ።

**እዞም ዚስዕቡ ደገፋት ምርካብ ይከኣል:-**

- ዝርርባዊ ደገፍ
- ዕቑባን ግዚያዊ ገዛን
- ግጭታት ንምእላይ ሓገዝ ንምርካብ ዝርርባዊ ደገፍ ምስ ስድራኻ/ኺ

ምሳና ርክብ ግበር/ሪ’ሞ ክንሕገዘካ/ኪ ኢና። ስምካ ክትሓብእ/ኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ፤ መን ምኳንካ/ኪ: ኣበይ ከም ትቕመጥ/ጢ ምሕባር ኣየድልየካን’ዩ።

ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ኵሉሳዕ 112 ደውል/ሊ።

**እዚ ዝስዕብ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ:**

**ዝርርባዊ ድጋፍ**

**ምስ ካልኦት ንምርኻብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ምምሕዳር ከተማ**

**ምስ ካልኦት ንምርኻብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ፖሊስ**

**ምስ ካልኦት ንምርኻብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ኣገልግሎት ጥዕና**

**ድሕነትን ግዝያዊ መዕቆብን**

**ጕጅለታት ዘተ ወይ ዝርርብ**

**ድጋፋዊ ዝርርብ ወይ ቻት**

**ሕጋዊ ምኽሪ**

**ጕጅለኣዊ ማእከል ንጥፈታት ንህጻናት**

**ብቐረባ እትውከስዎ ሰብ**

**ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት መስመር ተለፎን**

**መኣዲ ርኽክባት**

**ንጾታውነትን ዝምድናታትን ዝምልከት ዝርርብ**

**ዚርከብ ሰብ:**

- **ንጥፈት:** Kvinnojouren Karlskrona
- **ኣድራሻ ኢ-መይል:** info@kvinnojourenkarlskrona.se
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 0455-18803
- **መካነ-መርበብ:** www.kvinnojourenkarlskrona.se
- **ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ::** Skepparegatan 18 B 371 30 Karlskrona

**Målgrupp: Ung och utsatt för våld - Tigrinja**